# ኤርትውያን ተቐማጦ ቦሎኛን ከባቢኣን
# ኣብ ምንባባይን ምሕብሓብን ስድራ ቤት ሰማእታት
# ተሳትፍኦም ዳግማይ ይዕዝዙ

ማሕበረ ኮም ቦሎኛን ካባቢኣን ከም መቐጸልታ ናይቲ ካብ 2004 ዓ/ም. ኣትሒዞም በብእዋኑ ክፍጽምዎን ክትግብርዎን ዝጸንሑ መደብ ምሕብሓብን ምንባይን ስድራ ቤት ሰማእታት፣ ኣብ ኣጋጣሚ ዝኸሪ 20 ሰነ 2012 መብ ጴኦም ዳግማይ ብምሕዳስ ብዉልቅን ብጉጅለን ተጠርኒፎም ን22 ስድራ ሰማእታት ንክልተ ዓመት ናይ ምንባይ ሓላፍነት ብምውሳድ ድሮ ክፍሊቶም 50% ናይቲ መብጽዓ ኣታዊ ጌሮም ኣሎዉ።

ኤርትራዉያን ተቐማጦ ቦሎኛን ከባቢኣን መንግስቲ ኤርትራ፣ ኣብ ኩሉ ልምዓታዊ ህንጸት ሃገር ንዘርእዮ ዘሎ ምዕባሌን ገስጋስን፣ ከም እዉን ዜጋታት ቀዳምነት ተጠቐምቲ ጸጋታት ሃገር ኣብ ወፍሪ ቁጠባዊ ልምዓት ንምግባር ሒዝዎ ንዘሎ መደባት ብምድናቕ፣ ሃገራዊ መደባት ህንጸት ሃገር ንምዕዋት፣ ኣንጻር ኩሎም ተጻብኦታት ንምብዳህን ከም ወትሩ ኣብ ጎኒ ህዝቦምን መንግስቶምን ብምኧን ካብኦም ዝሕተት ዘበለ ከ ‑ሉ ሃገራዊ ግቡኣት ንምትግባር ድማ ሎሚ እዉን ከም ትማሊ ወትሩ ድልዋት ንዝበረኸ መኸተ ምህላ ዎም ኣረጋጊጾም።

ዓወት ንሓፋሽ

ናይ መድያን፣ ዲፕሎማስን ኮሚቴ - ኢጣልያ